## ድሕሪ ሕጂ የሎን ሓድነትና ዝዘርግ
## ቀሪብና ኢና ሕጊ ክነጽድቕ ክንሕግግ

## ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
## በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ድሕሪ ሕጂ የሎን ሓድነትና ዝዘርግ
ቀሪብና ኢና ሕጊ ክነጽድቕ ክንሕግግ
ህግደፍ ኣልጊስና ደሞክራስያ ክነንግስ።

ረጊሞም ኣቦይ ቀሺ ምስ ኣቦይ ሓጂ
ዕምሩ ካሓጽር ህግደፍ ድሕሪ ሕጂ
ክረግጻ እታ ባዕሉ  ዘጻወዳ ፈንጂ

ተባዕ ጓል ሃገረይ ባዓልቲ ግርማ
ንዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣልቢሳቶ ጋማ
ኣብ ሃገራዊ ሓድነት ኣበርኪታ እጃማ
ሃናጺ ሪኢቶ ኣፍሲሳ ከም ዓለማ
ወጽዓን ኣዊያትን ህዝባ ስለ ዘሕመማ።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ሕሉው ነሩ መሰላ
ንደቀንስቲዮ ወኪላ ኣብ ዋዕላ ተኻፊላ
ሰክረታሪያ ተመሪጻ መሪሓቶ ዋዕላ።
ብዘይ ጓል ሂዋን ኣይዕወትን ቃልሲ
ጂግና ተፍሪ ተኾሱ በጣሲ
ሲኒት እንበር ዘይትፈቱ ባእሲ
ብዘይ ደቂ ሂዋን ኣይራጋገጽን ደሞክራሲ።

ንዝተባእሱ ትብሎም ሲኒት ግበሩ
ደመኛ ህዝብኹም መታን ክተባርሩ
ሓደ ኮንኩም ዲክታቶር ክትአስሩ
እንዳ ዓለለት ዝበለት ስመሩ ስመሩ።

ድሕሪ ሕጂ ንሸጣን ዕድል ኣይንሃቦ
ሓዊ ንልብልቦ ዓቕሉ ክሳብ ዝጸቦ
ሰላምን ምስ ቅሳነትን ክሰፍኖ ዓደቦ።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ምስ ደቀባት ተላዚብና
ዓሰርተ ማዓልቲ ኣብ ጉዳይ ሃገርና ዘቲና
ብዘይ ኣፋላላይ ኣስላም ክስታን ሓቢርና
ሃገራዊ ሓድነትና ኣራጋጊጽናዮ ተመሊስና

ቢሄራት ኤረትራ ከምቀደመን ክካባበራ
ክንደይ ሻብ ኣብ መሮር ክትሰፍራ
ሓቢርክን ዕምሪ ዲክታቶር ኣሕጽራ

ክንሃንጽ በዳልን ተበዳልን ዘይብላ ኤረትራ።
ካብ ጸልማት ክንወጽእ ናብ ብርሃን
ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ኣጥሪና ኢና ፍናን
ደጊም የሎን ፈሪሕካ ርእሰኻ ምድናን
ተዳሊና ኣሎና ነቲ ውጹዕ ህዝቢ ንምድሓን።

ምስ ጸረግናዮም ንግፍዓዊያን በላዕቲ ኣድራጋ
ወደባት ክበልያ ባዕሉ ናይ ሃገሪ ጸጋ
ድሕሪ ሕጂ ኣይድገምን ዝሓለፈገጋ
ካብ ሕጂ ንንዮው ሃገር ኣይትወድቕን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ።

ካብ ብማዕዶ ገጽንገጽ ምስ ተራኣኣኻ
ኮፍ ኢልካ ሓሳብ ንሓሳብ ክትላዋወጥ ኮሎኻ
ፍልልያት ይጸብብ ሓድነት ይሰፍን ኣብ ሞንጎኻ
እወ ንስኒት እንቢ ንምልኪ ህዝቢ ኤረትራ ኣጆኻ
ለብዘበን ሕዲኡሎ ክድምሰሱ እዮም ሰብ ደምካ ጸላእትኻ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን